# ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ከተማ ቶሮንቶን ከባቢኣን

ፕሮፈሶር በርሀ ሃብተጊዮርጊስ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ተረኺቡ፡ ንቑጠባውን ፖሊቲካውን ኩነታት ሃገርና ብዝምልከት፡ ካብ 500 ንላዕሊ ዝኾኑ ተሳትፍቲ ዝተረኽብሉ ዕዉት ናይ ህዝባዊ መኸተ ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብዚ ብዕለት 17 መጋቢት 2013 ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ዝተኻየደ ናይ ህዝባዊ መኸተ ሰሚናር፡ ኣቶ ሰመረ ገብረማርያም ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣብ ካናዳ፡ ክምኡ'ውን ካልኦት ወከልቲ መንግስቲ ኤርትራን ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ፕሮፈሶር በርሀ ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ብወጻኢ ሓይልታት ዝካየድ ቐጻሊ ናይ ማዕቀብን ተጻብኦታትን ኣመዝጊቡዎ ዘሎ ቁጠባዊ ዕብየት ብሰፊሑ ገሊጹ። ክምኡ'ውን ተሳታፍነት ዜጋታት ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ኤርትራን፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕጸጹ ቁጠባዊ ፖሊሲታት፡ ንቑጠባዊ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ዘሎዎም ዓቢ ግደ ብስፍሕ ዝበለ ኣገባብ ኣቕሪቡ።ልዑላውን ቁጠባውን ነጻነት ኤርትራ ንምዕቃብን ንምርግጋጽን፡ንቕሓትን ተሳታፍነትን ኩሉ ዜጋ ወሳኒ ስለዝኾነ ተሳታፍነት ዜጋታት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ፕሮፈሶር በርሀ ብወያነን መሻርኽቱ ዝኾኑ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ንህዝቢ ኤርትራ ብዝተፋላለየ ሜላታት ሓድነቱ ኣዳኺሞም ኣብ ካልኣይ መግዛእቲ ንምእታው ብቐጻሊ ዘካይድዎ ዘለዉ ፈተነታት ድሕሪ ምዝርዛር፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብኽቢድ መስዋእቲ ዝረኸቦ ነጻነት ንምዕቃብ ነቒሑ ይምክቶ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ፕሮፈሶር በርሀ ሃብተጊዮርጊስ ንኹሎም ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንዝቐረቡ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ሂቡ። ከም መዛዘሚ ናይቲ ዕዉት ህዝባዊ መኸተ፡ ኣኼበኛታት ነዚ ዝስዕብ ሓባራዊ ውሳነታት ኣሕሊፎም።

## ውሳነታት ህዝባዊ መኸተ ከተማ ቶሮንቶን ከባቢኣን

ኣብ ቶሮንቶን ከባቢኣን እንቕመጥ ኤርትራውያን፡ ኣብዚ ሃገርና ኤርትራ ንኹሉ ናይ ደገን ውሽጥን ሽርሕን ተጻብኦን መሰናኽላትን ሰጊራ፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ርኡይ ለውጥን ውሑስን ዘተኣማምንን ማሕበራውን ቁጠባውን ዕብየት ንምምጻእ ሓያል ጻዕሪ ኣብ እተካይደሉ ዘላን፡ ሱታፌ ዜጋታት ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ኣብ ዝዓብየሉ ዘሎ ትስፉው መድረኽን፡ ብወገና ነቲ ብመስዋእቲ ኣሽሓት ብሉጻት መንእሰያት ዝተረኽበ ክብሪ ሃገርናን ህዝብናን ንምዕቃብ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ንዘወርድ በደላት ዘይንቕበልን፡ ምእንቲ ክብረት ሃገርናን ህዝብናን ሃገርና ካባና እትጠልቦ ንምምላእ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ቅሩባት ከምዝኾንናን፡ ብውልቃዊ ረብሓታት ከይተታለልና ረብሓ ህዝብናን ሃገርናን እነቐድም፡ ብዝኾነ ይኹን ታህዲድን ምጉብዕባዕን ተሳናቢድና ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ካብ መትኒ መንግስትን ህዝብን ሰራዊት ምክልኻል ሃገርናን ከምዘይንፍለን፡ ከም ወትሩ ኣብ ጎኖም ደው ብምባል ብዝተዓጻጸፈ ኣበርቲዕና ከም ንሰርሕ ደጊምና ብምርግጋጽ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ሓባር ውሳነታት ነሕልፍ።

1. ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን ሰራዊትናን ከምዘለና ብምርግጋጽ፡ ካባና ዝሕተት ዘበለ ኩሉ ክንገብር ድልውነትና ደጊምና ነረጋግጽ።

2. በዛ ብመስዋእቲ ኣሻሓት ጀጋኑ ዝመጸት ልዑላዊት ሃገርና ንኾርዕን ንሕበንን፡ ንሕደሪ'ዞም ጀጋኑ ዝትንከፉ ናይ ደገ ሓይልታትን ዕሱባትን ኣትሪርና ንቃወም።

3. ነቲ በቲ ሐደ ወገን መነባብሮ ህዝብና ርኡይ ለውጥን ውሑስን ዘተኣማምን ማሕበራውን ቁጠባውን ዕቤት ንምምጻእ፡ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ዶባት ኤርትራ ከይድፈር ብዘይ ምሕላል ዝሰርሕ ዘሎ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ንሙግስ።

4. ንሃገርና ኤርትራ ብቑጠባ ንምሕናኽ ዝካየድ ዘሎ ውዲት ብግበሪ ኣብ ምፍሻልን ምብርዓንን፡ መነባብሮ ህዝብና ኣብ ምምሕያሽ ኣብ ዝግበር ዘሎ ቁጠባዊ ወፍሪ ተሳታፍነትና ከምነዕዝዝ ነረጋግጽ።

5. ነቲ ብ26 ለካቲት 2013 ኣብ ኣባይቲ ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሽወደን ዝተፈጸመ ግብረ ሽበራዊ ተግባር ኣትሪርና ብምኹናን፡ መንግስቲ ሽወደን ንገበነኛታት ኣብ ፍርዲ ከቕርብ ንጠልብ።

6. ስርዓት ወያነ ካብቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ጥሒሱ ጎቢጥዎ ዘሎ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ብዘይ ወዓል ሕደር ክወጽእ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዓለም ንውሳነታቱ ከተግብር ኣጥቢቕና ንሓትት።

7. ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ ዘይሕጋዊ እገዳ ክለዓል ኣትሪርና ንጽውዕ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!

ዓወት ንሓፋሽ !

ህዝባዊ መኸተ ቶሮንቶን ከባቢኣን

17 መጋቢት 2013